Skolverket

ናብ
ወለዲ/መዕበይቲ ተመሃሮ 6ይ ክፍሊ
ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታ ወይ ቤት ትምህርቲ ሳመ
ወይከኣ 7ይ ክፍሊ ኣብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ

# ሃገራዊ መርመራ

ሰላም!

እዛ ደብዳበ ትመጸኩም ዘላ ምኽንያት፡ ኣብዚ ዓመተ-ትምህርቲ'ዚ፡ ብእንግሊዝኛ፡ ብሕሳብ፡ ብሽወደንኛን ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋን ሃገራዊ መርመራ ዚገብር ተመሃራይ ውላድ ስለ ዘሎኩም'ዩ።

## ተመሃሮ ስለምንታይ ሃገራዊ መርመራ ከም ዝገብሩ ተጌሩ፧

ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታን ቤት ትምህርቲ ሳመን 6ይ ክፍሊ ዚመሃሩ ከምኡውን ኣብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ 7ይ ክፍሊ ዚመሃሩ ተመሃሮ ሃገራዊ መርመራ ኪገብሩ ኣለዎም። እቶም መርመራታት፡ ንምዕሩይን ርትዓውን ገምጋም ፍልጠት ተመሃሮ ንኺድግፉ'ዩ እቲ ዕላማ። እቶም መርመራታት፡ መምህር ብመሰረት እቶም ኣብ መደብ ትምህርቲ ዘለዉ ኣብ ጠለብ ፍልጠት ዚምርኮሱ ደረጃታት ነጥቢ፡ ገምጋም ፍልጠት ተመሃሮ ኪገብር ከሎ'ን ነጥቢ ኪውስንን ከሎ'ን ደገፍ ንኺኾንዎ እዩ ሓሳብ።

እቶም መርመራታት፡ ብተልእኮ ወኪል ትምህርቲ ሽወደን (ስኩልቨርከት) ኣብ ናይዚ ሃገር ዝተፈላለዩ ዩኒቨርስታት ይህነጹን ይምዕብሉን። ኣብቶም መርመራታት ዘለዉ ሕቶታት፡ ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ዘለዉ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ኣብያተ ትምህርቲ ተፈቲኖም'ዮም። እዞም መርመራታት ኪዳለዉ ከለዉ፡ ተመሃሮን መምህራንን ዝሃብዎም ርእይቶታት ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም'ዮም።

ትሕዝቶን ቅርጽን መርመራታት ኪውሰን ከሎ፡ ኣብቶም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትምህርቲ ዘለዉ መደባት ትምህርቲ'ዮም ከም መበገሲ ዚኾኑ። ግን ኵሉ ኣብ መደብ ትምህርቲ ዚጥርነፍ፡ ኣብ ሓደ መርመራ ምምዛን ኣይከኣልን'ዩ። ከምዚ ዝዓይነቱ መርመራ፡ ኣዝዩ ገፊሕ ምኾነ።

ሃገራውያን መርመራታት ካብ ሓደ ፍሉይ ኣገባብ ስራሕ ዝነቐሉ ወይ ኣብ ፍሉያት መጋበርያታት ትምህርቲ ዚምስረቱ ኣይኮኑን። ኣብዞም መርመራታት፡ ዘሎዎም ፍልጠት ብዝተፈላለዩ ኣገባባት የርእዩ።

## እዞም መርመራታት መዓስ ኪወሃቡ'ዮም፧

ሃገራዊ መርመራታት ብዝተፈላለዩ ክፋላት ዝቘሙ'ዮም። እቲ ቃላዊ ክፋል መርመራ፡ ኣብ ወቕቲ ቀውዒ ኣብ መበል 45–49 ሰሙናት ኪካየድ'ዩ። ተመሃሮ መዓስ መርመራ ይገብሩ ዚውስን እቲ ቤት ትምህርቲ'ዩ። እቲ ብጽሑፍ ዚቐርብ ክፋል መርመራ፡ ኣብ ወቕቲ ጽድያ ብወኪል ትምህርቲ ሽወደን ስኩልቨርከት ዝተመደቡ ውሱናት ዕለታት ኪካየድ'ዩ። እቶም መርመራታት ግዴታውያን እዮም።

## እቶም መርመራታት ከመይ ይግምገሙ፧

ኣብ ምግምጋም ሃገራዊ መርመራ ዘገልግሉ፡ መምህራን ኪኽተልዎም ዘለዎም ብዝርዝር ዝተገልጹ መምርሕታት ኣለዉ።  መምህር ብድሕርዚ ኣብ ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ሓፈሻዊ ገምጋም ፍልጠት ተመሃሮ ኪገብር ከሎ፡ ነጥቢ ኣብ ዚውስነሉ እዋን ንውጺኢት ናይቲ መርመራ ኣብ ግምት የእቱ።

## ምእካብ ውጽኢት

ወኪል ትምህርቲ ሽወደን (ስኩልቨርከት)፡ ምስ ቤ/ጽ ስታቲስቲክስ ሽወደን (SCB) ብምትሕብባር፡ ካብ ሃገራውያን መርመራታት ዝተረኽቡ ውጽኢታት ይእክብ። ምእካብ ውጽኢት መርመራ፡ ኣብ ምግምጋም ኣብያተ ትምህርቲ የድሊ፤ ግን ብተወሳኺ'ውን ኣብ ምትንታን ውጽኢታት ሃገር፡ ኮሙናትን ብሕታውያን ኣብያተ ትምህርትን የድሊ።

Skolverket

## ሕሳብ

*ሃገራዊ መራመራ ሕሳብ፡ ተመሃሮ ብውልቂ ዚፈትሕዎ ጽሑፋዊ ሕቶ፡ ከምኡውን ተመሃሮ ኣብ ንኣሽቱ ጕጅለታት ዚፈትሕዎ ናይ ቃል ሕቶ ዝሓዘ ብዝተፈላለዩ ክፋላት መርመራ ዝቑመ'ዩ። ኣብ ክልቲኡ፡ ማለት ኣብ ጽሑፋውን ቃላውን ሕቶ፡  ተመሃሮ ኪገልጹን ኪማጐቱን ከም ዚኽእሉ፡ ብሕሳባዊ ኣገባብ ብኸመይ ከም ዚሓስቡን ብቕዓቶም ከርእዩ ዕድል ይረኽቡ*

## ሽወደንኛን ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋን

*ሃገራዊ መርመራ፡ ንኽልቲኦም ዓይነታት ትምህርቲ ሽወደንኛ ብሓባር ዚምልከት ኮይኑ ናቱ ክፋላት መርመራ ዝሓዘ'ዩ። ተመሃሮ ብውልቅን ብጕጅለን ዚፈትሕዎም ሕቶታት ኣለዉ። በዞም ዝተፈላለዩ ሕቶታት፡ ኣብ መዳያት ክእለት ምዝራብ፡ ምዝታይ፡ ምንባብን ምጽሓፍን ተመሃሮ ፍልጠቶም ከርእዩ ዕድል ይረኽቡ።*

## እንግሊዝኛ

*ሃገራዊ መርመራ እንግሊዝኛ ዝተፈላለዩ ክፋላት ዘሎዎ'ዩ። ኣብቲ መርመራ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ሕቶታት መመርኮሲ ብምግባር፡ ተመሃሮ እንግሊዝኛ ብዘረባን ብጽሑፍን ናይ ምጥቃም ዘሎዎም ብቕዓትን፡ ንዝሰምዕዎን ንዘንብብዎን እንግሊዝኛ ናይ ምርዳእ ብቕዓቶምን ከርእዩ ዕድል ይረኽቡ።*

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ይርከብ፧

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሃገራዊ መርመራ ኣብ መካነ-መርበብ ወኪል ትምህርቲ ሽወደን (ስኩልቨርከት) ኣሎ

**www.skolverket.se/bedomning**

ካብ መርመራ ዝተወስዱ ኣብነታት ሕቶ ዚመርሑ ሓበርቲ መንገዲ'ውን ኣብኡ ኣለዉ።


## ምስ ወኪል ትምህርቲ ሽወደን (ስኩልቨርከት) ርክብ ንምግባር

**nationellaprov@skolverket.se**